**ኣብ ሃገረ ግሪኽ ንዝርከቡ ዱብሊን ዳግመ ምጽንባርን ብረክዚትን ንዝምልከቶም ናይ ዑቕባ ስደተኛታት**

Refugee Legal Support

Refugee Legal Support is a restricted fund under the auspices of Prism the Gift Fund - charity no 1099682

## ብረክዚት እንታይ ማለት እዩ?

ብረክዚት ማለት ዓባይ ብሪጣንያ ካብ ዕለት 31st ጥሪ 2020 ጀሚራ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወጺኣ ኣላ ማለት እዩ።

## ብረክዚት ንጉዳየይ ይጸሉ ድዩ?

ዋላኳ ዓባይ ብሪጣንያ ካብ ዕለት 31st ጥሪ 2020 ጀሚራ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወጺኣ ትሃሉ ደኣምበር፣ ክሳብ ዕለት 31 ታሕሳስ 2020 ሓደ ናይ "መሰጋገሪ እዋን" ክህልው እዩ። ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን'ዚ፣ ናይ ዱንብሊን ዳግማይ ምጽንባር ስድራቤታት ኣይክቕየርን እዩ። እዚ ማለት ድማ፣ ኣብ ብሪጣንያ ዝግበኦም ኣባላት ስድራቤት እንተሊዮሙኹም፣ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2020 ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ጠለብ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም ማለት እዩ።

## ብድሕሪ 31 ታሕሳስ 2020 ዱብሊን ዳግማይ ምጽንባር ስድራቤታት ክቕየር ምኺኑ ርጉጽ ድዩ?

ኣይፋልን። ምናልባል ናይ "መሰጋገሪ እዋን" ክናዋሕ ይኽእል ይኸውን። ይኹን ደኣምበር፣ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ከናውሖ ድልየት የብሉን። ክናዋሕ እንተኾይኑ፣ ቅድሚ 31 ሓምለ 2020 ውሳነ ክውሰን ኣለዎ።

## ናይ ዘቕረብኩዎ ናይ ዳግማይ ምጽንባር ስድረቤት ውሳነ ድሕሪ 31 ታሕሳስ 2020 እንተ ተቐቢለ እይንታይ ክኸውን እዩ?

ግሪኽ ቅድሚ 31 ታሕሳስ 2020 ንብሪጣንያ ሓላፍነት ክትቅበል ጠለብ እንተ ሰዲዳ፣ እቲ ዝነበረ ናይ ዱብሊን ውዕል ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። **ይኹን ደኣምበር**፣ ብሪጣንያ ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ መልሲ እንተ ዘይሂባ፣ ተቀቢላ ኣላ ማለት ኣይኪኦነን። ናይ ምንጻግ ውሳነ ድሕሪ 31 ታሕሳስ 2020 እንተ ደኣ ተቐቢልኩም፡ በቲ ናይ ቀደም ኣገባብ ዳግመ ርኢቶ ክትሓቱ ምኽኣልኩም ርጉጽ ኣይኮነን።

## ድሕሪ 31 ታሕሳስ 2020 እንታይ ክኸውን እዩ?

ብሪጣንያ ናይ ዑቕባን ካልኦት ስደተኛታት ስድራቤቶም ምምጻእ ዝምልከት ናይ ገዛእ ርእሳ ሕግታት ኣለዋ። ስለዝኾነ ድማ ንዳግማይ ምጽንባር ስድራቤታት ካልኦት ሕጋዊ ኣገባባት ኣለዉ። ነገራት ዝያዳ እንዳ ተነጻሩ ክኸዱ እንከለዉ ተወሳኺ ሓበሬታ ከነዳሉ ኢና። ስለዚ መርበብ ሓበሬታ [www.refugeelegalsupport](http://www.refugeelegalsupport). Org ምውካስ ኣይተቋርጹ፣ ከምኡ እውን ንሓድሽ ሓበሬታ ፌስቡክና ተኸታተሉ።